# ፩ ሰንበት ዘፍልሰታ 2018 ዓ.ም.

## ነሓሰ 10 2018 ዓ.ም. (08/16/2026)

### ሰላም ለፍልሰተ ሥጋኪ ምስለ ነፍስኪ ኢመዋቲ በተሰናዕዎ አሐቲ፡



**መዝሙር፡** ዛቲ ይኢቲ...ማርያም ማኅደረ መለኮት...እዚኣ እያ ማርያም መኅደር መለኮት ሰንበት ክርስትያን ዝተሰምየት።ከምቲ ዳዊት ዝበሎ ኣዒንተይ ኣብ ልዕሊ ነዋሕቲ  ኣድባርት ገጸይ ጠመትኩ እዚኣ ቅድስቲ ድንግል እያ ካብ ኲሎም ፍጥረት እትበልጽ ናይ መለኮት እሳት ዘይኣውዓያ።

**ንባባት፡** ኤፌ 4:30-5:2፥፥ 2ዮሓ 1፡1-7፥ ግ.ሓ.27፡39-ፍ፥ ዮሓ 6:41-51።

**ምስባክ፡** ኣዋልደ ነግሥት ለክብርከ ወትቀውም ንግሥት በየማንከ። በአልባሰ ወርቅ ዑፅፍት ወሑብርት። ናይ ነገስታት ውሉድ ንኽብርኺ እዮም፥ ብናይ ወርቂ ልብሲ ተኃናጺፋን ተሰሊመን፥ እታ ንግስቲ ኣብ የማንካ ትቐውም” መዝ. 45፡9።

ኩልና ኣብ የማን ኣምላኽ ክንቀውም ዝተሓረና ኢና። ማርያም ንሰማይ መሪሓ ክተእትወና ምእንቲ ነዚ ሰንበት ብፍሉይ ክነስተንትን ንዕደም ኣሎና። እዋናት ፍልሰታ ብማርያም መገዲ ሰማይ ክንደሊ እሞ ጉዕዞና ምስኣ ክንገብሮ ንምህለል። ምስጢር ምህልላና ኵልና ደቃ ብሓደ ኣብ ኣምላኽ ክተብጽሓና እዩ።

ንማርያም ምፍላጥ ማለት ንግብሪ ኣምላኽ ምፍላጥ እዩ፥ ኣብኣ ተግባር እግዚኣብሔር ንርእዮ። ማኅደር ልዑል ንብላ ምኽንያቱ ኣብኣ ካልኣይ ኣካል ቅድስቲ ስላሴ ኃዲሩ ካብኣ ባህርና ስለ ዝወሰደ። ማርያም ውሃቢት ኣምላኽ ፍልይቲ ፍጥረት እያ። ነዚ ዕሞቕ ምስጢር ኣምላኽን ማርያምን ክንርዳእ ንማርያም ምሃርና ክንብላ ይግብኣና።

ብማርያም ኣቢልና ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ ድላይ ኣምላኽ እዩ፥ ንሳ ኣደ ክትኮነና ተዋሂባትና መገዲ ሰማይን ድላይ ኣምላኽ ክትመርሓና ባዕሉ ወዳ ሂቡና። ኣምላኽ ኣብኡ ክንቀርብ ናቱ ክንከውን ኵሉ ጊዜ ምስ ደለየና እዩ፥ ብሂጉ ዝፈጠረና ኣምላኽ ሎሚ እውን በዚ ቅዱስ እዋን ብፍሉይ ኣብኡ ዘቕርበና ምስኡ ዘወሃህደና መገዲ ክነናዲ ድላዩ እዩ።

ሓደ ካብቲ ባዕሉ ከሉ ጊዜ ምሳና ክነብር ዝሃበና ህያብ ቅዱስ ቊርባን እዩ። ቅዱስ ቊርባን ዝዓበየ ምልክት ፍቕርን ኩሉ ጊዜ ምሳና ከምዘሎ ዝነግረና እዩ። ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ከይንደክም ኢሉ ምስ ምሉእ ሓይልን ኣፍልጦን ክንምርሽ ኢሉ ከምቲ ንኤልያስ ነብይ ኣብ ፩ዘነ 19፡4-8 ዘሎ እነንብቦ፥ ኤልያስ ኣብ ኣጻምእ በረኻ ክከይድ እንከሎ ደኺሙ ጸሚኡ ጠምዩ ንሞት እናተመነያ እንከሎ ኣምላኽ መልኣኹ ሰዲዱ ጉዕዝኡ ክቕጽል መግብን ማይን ሂብዎ፥ ተንስእ ነውሕ ጉዕዞ እትኸዶ ኣሎካ እናበለ ጉዕዝኡ ከም ዝቕጽል ዝገበረ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ከምኡ ይብለና ኣሎ።

ኣብዚ ብዙሕ ንሕይወትና ዝጠቅም ክንርኢ ንኽእል። ብዙሓት ኣብ ሕይወትና ከም ኤልያስ ኢና። ንደክም ንጠሚ ከምኡ መገዲ ክንቅይር ንደሊ እዚ ኹሉ ግን ካብ መገዲ ኣምላኽ ዘውጽእ እዩ። ንድላይ ኣምላኽ ክንስዕብን ጽን ክንብል ንኣምላኽ ክንዝክር ኣሎና። ኤልያስ ነብይ ብዙሕ ጊዜ ምስ ኣምላኽ ዝራኸብ ዝነበረ ንንጉሥ ኣሃብ ብድፍረት ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ጌጋ ብስም ኣምላኽ ዝተዛረበ ከምኡ ኣብ ገዛ መበለት ንተኣምራት ኣምላኽ ዝመስከረ ከምኡ ካብ ሰማይ ሓውን ማይን

ከምዝወርድ ዝገበረ ሰብ እንከሎ ኣብዚ ጉዕዞ በረኻ ደኺሙ ሰልክይዎ ሞት ተመንዩ። ኣብ ከቢድ ተስፋ ቊርጸት ዅሉ ነገራት ትርጉም ምስ ሰኣነሉ ኣምላኽ ሽዑ ክምግቦን ንጉዕዞ መገዱ ክቕጽልን ሓጊዝዎ። እሞ ካብ ኤልያስ እንታይ ንምሃር? ቅልል ብዝበለ ኩሉ ትጽቢታትና ኣብ ኣምላኽ ክንገብር ኣሎና። ኣምላኽ ኣብ ዝደለዮ እዋን ክመጽኣና ክሰምዓና እዩ ክሳብ ሽዑ ብትዕግስቲ ክንጽበ ኣሎና። ሓልዮትን ሓለዋን ኣምላኽ ዅሉ ጊዜ ምሳና ከምዘሎ ክንዝንግዕ የብልናን። ካልእ ቀንዲ ነገር እሞ ዓቢ ምትብባዕ ክኾነና ዝኽእል እሞ እንምሃሮ ስሕታን ወይ ጌጋ ምግባር ተሳዒርና ማለት ኣይኮነን ወይ ከኣ ኹሉ ሕይወትናን ጉዕዞናን ተወዲኡ ማለት ኣይ ኮነን።

ሕይወት ማርያም ብፍሉይ ኣብ ክልተ ነገር ኣብነትና እዩ።

- ፩ያ ጉዕዞ ግብጺ፡ ሕፃን ወዳ ሒዛ ንግብጺ እሞ ነቲ ኣጻምእ በረኻ ሲና ክትጉዓዝ እንከላ ዝተሰምዓ ድኻምን ጽምእን ጥመትን ዘሕለፈቶ። ኣብ ምህልላ ፍለሰታ ነዚ ብዝርኢ ከርስኪ ጠግዐ በኃጢኣ ስቴ ወመብልዕ። ቄቊዓ ኣእጋርኪ ልምሉማት በሓዊረ ፍኖት ጽኑዕ፥ ኣብራክኪ ደክማ በፍኖት እምብዝኃ ረኃብ ወጽምእ. . . . እናበልና ነቲ ዝሓለፈቶ ንዝክር። ኣብ ጻምእ መንፈሳዊ ሕይወትና ከይተሰነፍና ክንጉዓዝ ማርያም ኣብነትና እያ።
- ፪ይ ሞት ኣብ መስቀል፡ ኣብ ቀራንዮ ወዳ ክመውት ክትርእዮ እንከላ ነቲ ኹሉ ዝወረዶ ግፍዒ ክትጸውር ምኽኣላ ንኣና ዓቢ ኣብነት እዩ። ኣብ ሕይወትና ዝጓነፈና መጠኑ ብዘየገድስ ምስ ኣምላኽ ክንሓልፎ ከሎና ዘይክኣል የለን። ጽኑዕ እምነት ገርና እንተ ተጎዓዝና ዘሸንፈና ኃይሊ የለን፥ ሓንትስ እምነት ይሃልወና።

ኣብ መልእኽቲ ጳውሎስ ንሎሚ ዝተነበ ከዘኻክር እንከሎ ከም ደቂ ኣምላኽ መጠን ነፍስ ወከፍና መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልና ኢና። እቲ ዝተቐበልናዮ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና መራሒና ጻግዕናን ዘሰንየን እዩ። ንሕና እምብኣር ኣሚና ምስኡ ክንጉዓዝ ኣሎና። ንኣምላኽ እነሕዝን እንተ ኾና ጉዕዞ ሕይወትና ከቢድ ይገብሮ። ኣሚና ምስኡ እንተ ተጎዓዝና ኣብቲ ከርፋሕን መሪርን ዝኾነ ጉዕዞ ሕይወትና ከመርሓና እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ክርስቶስ ኣብቲ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ሕያው መግቢ ዝኾነና ናብቲ ዝምግበናን ሓይሊ ዝህበናን ክመርሓና እዩ። ጳውሎስ ነዚ ከመይ ገርና ክንረኽቦ ከም እንኽእል ክነግረና እንከሎ ነቲ ንመዓልቲ ምድኃን እተኃተምኩምሉ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጕህይዎ፥ ብዘሎ ምረትን ነድርን ቊጥዓን ታዕታዕን ጸርፍን ምስ ዅሉ ክፍኣት ካባኽትኩም ይርሓቕ፥ ግናኸ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም ንሓድሕድኩም ለዋሃትን ርኅሩኃትን ኲንኩም ይቕረ ተበሃሃሉ (ኤፌ 4፡ 30-31) ይብል።

ኢየሱስ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ብፍላይ ብፈሪሳውያን ዅሉ ጊዜ ዓቢ ተጻብኦ ይጓነፎ ነሩ። ፈሪሳውያን ይኣምንዎ ኣይነበሩን፥ እንተ ተኻእሎም ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ዋጋ ክኸልኡ ግጉይ ትምህርትን ዘረባን ይዝርግሑ ነሮም። ኢየሱስ ግን ብግብሮም ኣይሰንበደን ካብ ምምሃርን ምንጋርን ዓዲ ኣይወዓለን። ኣብቲ ክበሎ ዝደለ ኣተኩሩ የስተምህር ይነግርን ነሩ። ንሱ ከምቲ ንኢልያስ እቲ ዝተመገቦ መግቢ ሕይወት ኮይኑ ከምብሓዲስ ከም ዝጉዓዝ ዝገበሮ ከምኡ ኢየሱስ ሓዲስ መግቢ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ዕለት ዕለት ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ብቅዱስ ቊርባን ኣቢሉ ክምግበና ሓይሊ ክህበና ኣብኡ የቕርበና። ንሱ ብመንፈስ ቅዱሱ በቲ ዝመርሓናን ኣብ ቅኑዕ መገዲ ከም እንጉዓዝ ዝገብረናን ይመልኣና። ንሱ መግቢ ሕይወት ነቲ መንፈሳዊ ጥመትና ዘጽግብ እዩ። ክርስቶስ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ከምቲ ኣብ ምድረ በዳ ንኤልያስ ዝተባህለ፥ ተንሥእ፥ ብላዕ፥ ስተን ጉዕዞኻ ብምሉእ ተስፋን ሓዲስ መንፈስን ተጎዓዝ ይብለና።

ጉዕዞ ሕይወት ዝተሓባለኽን ከቢድን ከም ዝኾነ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ተመክሮ ሕይወትና ወይ ኣብ ሕይወት እንፈልጦም ንርእዮ ኢሎና። ብዙሓት ንክርስቶስን ንጸግኡን ኣብዮም ገለ ኣብ ናይ ገዛ ርእሶም ዓቕምን ክእለትን ተመስሪቶም ኣየድልየናን ዝብሉ ገለ ኸአ ሰይጣን ተዓዊትሎም ንመገዲ ጸጋም ደፊሮም ከመርጹ ምርኣይ ናይ ዘመና ፋሽን እዩ እንተ ተባህለ ጌጋ ኣይመስለንን። ኣምላኽ ዘይ መርሖ ሕይወት ሒዝካ ምጉዓዝ ሳዕበኑ ጥልመት ጥፍኣት ህውከት ምፍልላይ ከምኡ ከይተነሳሕካ ምማት እዩ። ነዚ ርኢና ኣብቲ ምንጪ ሕይወትና ዝኾነ ክርስቶስ ክንምለስ ዓይንና ክንርኢ እዝንና ሰናይ ክሰምዕ ሎሚ ምስዲኡ ኮና ንለምኖ።

ማርያም ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና። ጉዕዞ መገዲ ሕይወትና ጠፊኡና ዓነውነው ክንብል እንከሎና መምርሒና ገርና ነቲ ንሱ ብቤተ ክርስትያኑ ዝብለና ምስማዕ እዩ ዘድልየና። ሎሚ እንታይ ይብል ኣሎ? ኣብ እንታይ ኢና ደኺምና ዘሎና ኢልና ጉዕዞና ክንርኢ የድሊ። እቲ ወሪዱና ዘሎ ብዙሕ እኳ እንተ ኾነ እቲ ቀንዲ፡

- ንኣምላኽ ብርእስና ተኪእናዮ ኣሎና። ኣነ ዝብል መንፈስ ነጊሱ ኩሉ ከም እንፈልጥ ሓንቲ ከምዘየድልየና ኮና ንጉዓዝ ኣሎና። ፍጡራት ድኹማት ተጋገይቲ ምኳና ዘንጊዕና ኣብ ጸልማት ንጉዓዝ ኣሎና ስለዚ ኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ገርና ክንርኢ ይግብኣና።
- ፍቕርን ሰላምን ጠፊኣናና ኣለዋ። ንኣምላኽ ዝሓደገ እተን ቀዳሞት ዘጥፍኣን ፍቕርን ሰላም እየን። ኣምላኽ ዘይብሉ ሕይወት ጽቡቕ ክገብር ኣይክእልን እዩ። ጽቡቕ ክንረክብ ሰላም ክወርድ ኣብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ንኣምላኽ ሎሚ ንርከቦ።
- ኣብ መኣዲ ክርስቶስ ንሳተፍ። ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ ዝሰቲ ሕይወት ኣለዎ ኢሉና ክርስቶስ። ሕይወት ክንረክብ ጉዕዞ ሕይወትና ብቅድስና ክንመርሕ ተሳተፍቲ መኣዲ ኣምላኽ ክንከውን ኣሎና። ምስ ክፍኣትና ከሎና ልብና ተረሓሒቑ እንከሎ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ኣይንቕረብ፥ መጀመርያ ምሉእ ንስሓ ንግበር።

ኣብ መወዳእታ ከም ኤልያስ ጓሂና ሎሚ ኣብ ሓጎስ ክቕየረልና እዩ። ኣብ ሕይወትና ዝስምዓና ጽምዋ ተስፋ ቁርጸት ኣብ ሓጎስን ኣብ ምሉእ ተስፋን ክቕየረልና እዩ ምኽንያቱ ምሸት እኳ ብኽያት እንተ ኾነ ንግሆ ግና እልልታ ይኸውን እዩ (መዝ. 30፡5)። ተስፋ ክንቆርጽ የብልናን። ንዝጓነፈና ጸበባን ፈተናን ክንሓልፎ ጸጋ ኣምላኽ የድልየና ስለዚ ክንልምን ኣሎና። ባዕሉ ክርስቶስ ኳሕኲሑ ክኽፈተልኩም ለምኑ ክውሃበኩም ኢሉና ኣሎ፥ ክንልምን እንከሎና ንርእስና ኣብ ኢድ ኣምላኽ ስለ እነንብር ኹሉ ይህበና። ሰብ ሎሚ ንኣምላኽ ምልማን ጠፊእዎ ንርኢ ኣሎና።

ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ ንጽዋዕ ኣሎና። ካባና ዘድሊ እግኢኣብሔር ሠናይ ምኳኑ ጥዓሙን ርኣዩን (መዝ. 34፡8) ዝብል ኣብ ልብና ገርና ምጉዓዝ እዩ።

ጉዕዞ ሕይወትና ምስታ ኣብ ዕጸ መስቀል እንከሎ ዝሃበና ኣደና ክንገብሮ እንከሎና ዕዉትን ምሉእ ተስፋ ዝለበሰን ክኸውን እዩ። ኦ ማርያም ኣደና መገዲ ወድኺ ምርሕና ኢልና ንለምና።

ቅድስና ዝመልኦ ምህልላ ዘመነ ፍልሰታ፥ ሰምን ፍቕርን ንስሓን ዘውርድ ይግበረልና!

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ